ብዛእባ መጽሐፍ ታሪኽ ኤርትራ - ኣብደላ ኢድሪስ
ዝተመርኮሰ ተወሳኺ ሐበሬታን መዓረምታን ኢድሪስ ሐመዳይ
2 ነሐሰ 2002 ኡፕሳላ ስዊድን

ኣቶ ኢድሪስ ሐመዳይ በዓል ብዙህ ተመኩሮ ቃልሲ ሰውራና፡ ነዛ ኣብ ታሕቲ ተጠቂሳ ዘላ መጽሓፍ ኣንቢቡ ናቱ ተመኩሮ ክነግረኒ ተወኪሴዮ ዝገበርናዮ ካሴት ቅዳህ እዩ።

መፅሓፍ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ

ተ መ ክ ሮ ሰ ራ ዊ ት ሓ ር ነ ት ኤ ር ት ራ

ካብ ዕለት 1/9/1961 ዓ.ም. 30/12/1982 ዓ.ም.
ብወተሃደራዊን ጸጥራዊን ክሊ .....ዚተዳለወ 1-120 ገጽ

መቕድም ብ ዓብደላ ኢድሪስ መሓመድ
ኣቦ ወንበር ሰውራዊ ባይቶን ፈጻሚት ሽማግለን
ጠቕላላ መራሒ ሰራዊት ሓርናት ኤርትራ

ቀዳማይ መድረኽ
ተመክሮ ወተሃደራዊ ዕዮ ካብ 1961 -- 1965 ዓ.ም.

ገጽ 19
*እቲ ናይ ሰውራ ብሰነኽ ሰብ ኮነ ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ምስፋሕ ሸው ንሸው ናይ ፖለቲካዊ ዕዮ ግደ ኣግሃደ። ምኽንያቱ ድማ ንሱ እቲ ወሳኒ ባእታ ኣብ ምምዕባል ወተሃደራዊ ዕዮ ካብ ደረጃ ድባይ ተዋጋእቲ ናብ ደረጃ ሓውሲ ተንቀሳቃሲ ውግእ ብምኻኑ እዩ። ኣብ 'ዚ እዋን 'ዩ እቲ ፍሉይ ግደ ናይ 'ቲ ፖለቲካዊ መሪሕነት ዚገሃድ። ኣብ 'ቲ እዋን 'ቲ ዚነበረት መሪህነት ተ.ሓ.ኤ. - ላዕላዋይ ባይቶ "መሰረታዊት መሪሕነት" መደበራ ኣብ ካይሮ ነበረ። በዞም ኣብ 'ዚ ቀጺሉ ኣስማቶም ዚስዕብ ተጋደልቲ ትቐውም። ንሳቶም--*
*1. እድሪስ መሕመድ ኣደም -- ኣቦ መንበር ላዕለዋይ ባይቶ*
*2. እድሪስ ዑስማን ገላይደዎስ -- ሰክረተር ጉዳይ ሰውራ*
*3. ዑስማን ሳልሕ ሳበ -- ሰክረተር ወጻኢ ጉዳይ*
*4. መሓመድ ሳልሕ ሑመድ -- ኣባል*
*5. ጠሃ መሓመድ ኑር -- ኣባል*
*6. ዑስማን ኺያር -- ኣባል*
*7. ሰይድ ኣህመድ መሓመድ ሃሽም -- ኣባል*
*እዛ መሪሕነት 'ዚኣ ብመሰረት ኣቓቁማን ፖለቲካዊ ንቕሓታ ካብ ዓውደ ኩናት ምርሓቃን፡ ነቲ ዕውትን ዕሸልን ፖለቲካ-ወተሃደራዊ ተመኩሮ፡ ከንህሮን ኪድርኾን ዝኽእል ፖለቲካዊ ኩነታት ኣየቕበትን። .....*

ላእለዋይ ባይቶ ተ.ሐ.ኤ. ከምዝነበረን ኣባላቱ 7 ኢሉ ይጠቕስ። ቅድሚ ላእለዋይ ባይቶ ተ.ሃ.ኤ. ማዕከላይ ሽማግለ ተ.ሐ.ኤ. ትባሃል ኔራ፡ ንሳ ተካይዶ ኔራ፡ እዛ ሽማግለ ድማ ብ 1960 ቆይማ ኩነታት ተ.ሐ.ኤ ተካይድ ነበረት። ኣብ 1963 ላዕለዋይ ባይቶ ተመስሪቱ። ዑስማን ሳልሕ ሳበ ኣብ 1962 ናብ ተ.ሐ.ኤ. ከም መጠን ኣባል ኣትዩ እምበር ካብቶም መስረቲ ኣባላት ኣይኮነን። ሸዑ ዓመት ኣኼባ ተጌሩ። ሽማግለ ከይተወከሉ ድማ

ነዛ ባይቶ እዞም ሰለስተ ሰባት ኢ.ድሪስ መሐመድ ኣደም: ዑስማን ሳልሕ ሳበን ኢ.ድሪስ ገላድዮስ ኣብ ካይሮ መስሪቶም::

ኣብቲ መጽሐፍ ኣብደላ ጠቒሱዎም ዘለዉ ታሕተዎት 4 ሰባት ደሐረ ኣብ 1967 እዮም ኣትዮም:: ምኽንያቱም: ኣባላት ተ.ሐ.ኤ - ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ድዩ ኣብ ወጻዒ ዘለዉ በብግዚኡ ሕቶታት የቕርቡ ኔሮም:: ምኽንያቱ ላዕለዋይ ባይቶ ብምንታይን በየናይ ሕጊ ተኸቲሉ መሪሕነት ተ.ሃ.ኤ. ይምረጽ: ከምኡ ድማ ንምንታይ ጉባዔ ተ.ሐ.ኤ. ዘይኽውን: ንምንታይ ንሶም ጥራሕ የመሓድሩ: ንምንታይ ኣብ ወጻዒ ኣለዉ: ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘይኽውን: ምምሕዳር ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ብብዙሕ ይለዓሉ ኔሮም::

ብ 1967 ነዚ ኩነታት ክሽፍን ሊለዋይ ባይቶ ንኣኼባ ኣብ ደሞስኮስ ዓዲሙ ኣብኡ እተኻፈሉ ከም ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ:-
1. ጣሃ መሓመድ ኑር
2. መሐመድ ሳልሕ ሑመዳይ
3. ሰይድ ኣሕመድ መሐመድ ሃሽም:
እዚኣቶም መስረቲ ተ.ሓ. ኤ. ኦስማን ኺያር ተራ ኣባል ጀብሃ: ተድላ ባይሩ እዮም:: ስለዚ እቲ ኣኼባ ብ 8 ኣባላት ተኻይደ::

ኣብኡ ዝተወሰነ ድማ ብዝቀልጠፈ ጊዜ ናይ ተ.ሐ.ኤ ጉባዔ ክግበር:: ኣሰናዳኢ.ት ሽማግለ ድማ ብ ኢ.ድሪስ ገላድዮስን ሳልሕ ሳበን: ካብ ተማህሮ ድዩ: ሰራሕተኛ ኣብ ሰዑድያ ዘለዉ ድዮ ኣብ ኣውሮጳን መኣከላይ ምብራቕ ዘለዉ: ኣቑማ ኣብ ካርቱም ኣኼባ ንክገብሩ ተወሲኑ::

ግን ኣብዚ እንታይ ተረኽበ: ኣብ መንጎ ኢ.ድሪስ ገላድዮስን ሳልሕ ሳበን ዘይምስምማእ ነይሩ:: ኣብ ገድሊ ኩል ጊዜ ሕልኽልኽ ነይሩዎም:: ነፍስ ወከፍ ድማ ካብቶም ኣባላት ደገፍቲ ነይሩዎም:: በዚ ዝኣክል እቲ ኣኼባ ካርቱም ኣይተገብረን:: እቶም ተመሪጾም ዝነበሩ ሽማግለ' ውን ስርሖም ከሰናዱ ኣይከኣሉን::
ኣብቲ ጊዜ' ቲ ሳበ ኣብ ወጻኢ ንዘሎ ብፖለቲካ ብከመይ ገይሩ ከምዝዕብልሎን ቤት ጽህፈታት ኣብ ኢዱ ክጭብጦ ይጽእር ነይሩ::

እዚ እንከሎ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣብ 1969 እቲ ጉባኤ ኣዶብሓ ተካይዱ:: ድሕሪኡ ዓማ - መሪሕነት ተመርጹ: ነቲ ላዕለዋይ ባይቶ ኣፍሪሶም ሓላፍነት ከምዘይብሉ ውሳነ ወሲኑ:: ካብዚ ኔው ሐላፍነት የብሉን ኢ.ሎም:: ሳበ ድማ ንቶም ኣብ ወጻኢ ወከልቲ ቤት ጽሕፈት ንዝነበሩ ናብ ዓማን ዓዲሙ ጉባኤ ኣካይዱ: ላዕለዋይ ባይቶ ስልጣን ከምዘይብሉ ውሳኔ ተወሲዱ:: እዚ እዩ ውድድር ኣብ ተ.ሐ.ኤ. ዝነበረ ኣብቲ ጊዜ' ቲ:: ኣብዘን ነጥብታት ጠቒሰዮ ኣለኹ::

ከም መጠን መሪሕነት እቲ ምምሕዳር ናቱ ክንዲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ክኸውን: ንሳቶም ኣብ ወጻኢ ነይሮም:: ኣብ ከሰላ ድማ ቅያዳ ሰውርያ እትባሃል ታካይድ ዝነበረት ንሳ' ውን ነቲ ውሽጢ ዘሎ ክትኣልዮ ክትካየድ ኣይከኣለትን:: ሐሙሽተ ክፍልታት ነይሮም ኣብ ኤርትራ' ሞ ነቲ ናይ ወተሃደር ኩነት ክታካይዶ ብረታዊ ቃልሲ ኣይከኣለትን:: በዚ.ታት ምክንያታት ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ሕንፍሽፍሽ ይኣቱ ነይሩ::

ኣብ ወጻኢ ናይ ፖለቲካ ፍልጠት ዝወሓደ ከሎን: እቶም ላዕለዋይ ባይቶ ነንሕድሕዶም ዘይምስምማዕ ነይሩ:: ነፍስ ወከፍ ብናቱ ይሰርሕ ስለዝነበረ ጎንጽታት የምጽእ ነይሩ::

**ገጽ 31.**
**ካልኣይ መድረኽ**
**ካብ ነሃሰ 1965 ክሳብ ነሃሰ 1969 ዓ.ም.**
**ዘሎ ተመክሮ መተሃደራዊ ዕዮ**

*እቲ ኣቓውማ መሪሕነታት ወተሃደራዊ ክፍሊታት ኣብ ንጹር ኣውራጃዊ ኣመዳድባ እሞ ክእከብ ነንሓድሕዱ እቲ ክፍልታት ነጻ ዚኾነን ዋላ ናይ ሓባር ስራሕ እውን ዘየተኣሳስሮ ነበረ:: ነፍሲ ወከፍ መራሕ ክፍሊ ዝምድናኡ ብቀጥታ ምስ ’ታ ብግዲኣ ኣብ ’ቲ መዓልታዊ ናይ ዓውዲ ቃልሲ ወጻኢ ኣብ ከሰላ ዚነበረት ሰውራዊት መሪህነት ነበረ:: ሰውራዊ መሪሕነት ከኣ በዚ ዚስዕቡ ተጋደልቲ ትቐውም ነበረት::*

*1. መሐመድ ሰዓድ ኣደም*
*2. መሐመድ ኣስማዒል ዓብዱ*
*3. ጃዕፈር መሐመድ*
*4. ኣኽመድ መሐመድ ዓሊ ዒሳ*
*5. ዑመር ጃብር ዑመር*
*6. ዑመር ኣልሓጅ እድሪስ*
*7. ዓብዱ ዑስማን*
*ምሉእ /ኢዱ ናብ ጽላኢ-ኢትዮጵያ ሂቡ/*

*ቀጺሉ እዞም ዚስዕቡ ተወሲኾም:-*
*1. ሳልሕ ሕዱግ*
*2. ኣዜን ያሲን*
*3. ማሕሙድ መ/ሳልሕ*
*4. ኣቡበክር እድሪስ*

*ክሳብ ጉባኤ ኣዶብሓ ዚተገብረሉ እዋን ’ውን በብእዋኑ ምቅይያራት ይግበር ነበረ:: እቲ ርክብ ከኣ ኣብ ትሕቲ ካብ ’ቶም ካልኣት መሪህነታት ዚተነጸለ ክሊ ይካየድ ነበረ:: ስለዚ ድማ እቲ ሓደ ወተሃደራዊ መሪሕነት ናይ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሓሙሽተ ካብ ነንሕድሕዱ ነጻን ዚተፈናጩለን መሪሕነታት ተመቃቐለ::....*

ቅያዳ ሰውርያ ከሰላ ነበረት ኣቦ መንበር ናታ መሐመድ ሰዓድ ኣደም እተባሕለ ከሎ: ኣባላታ ድማ ሸውዓተ ነበሩ ኢሉ ይጠቅስ ኣብዚ:: ደሐረይ’ ውን 4 ካልዖት ተወሲኾሞም ይብል::

ግን ቅድሚኡ’ ውን ቅያዳ ሰውርያ ትበሐል ኣብ 5 ኣባላት ወዲቓን ካብ 5 ኣባላት ተመስሪታ ይካየድ ነይሩ: ነዚ ድማ ኣይጠቐሶን: ከም ሙሳ ኣደም:: ኣብ 1965 መንግስቲ ሱዳን ኣብቲ ጊዜ ኩነታት ጀብሃ ትቆጻጸሮ ነይራ:: ኣብኡ ዝነበሩ ሃለፍቲ ናይ ምዕሳር: ብረትን ስንቂን ምሕላፍ ምኽላእ ናብ ኤርትራ ሕልክልኽ ነይሩ:: ሙሳ ኣደም ቀደም ካብቶም ወተሃደር ሱዳን ኮይኑ ይሰርሕ ዝነበረ እዩ:: ጃዕፈር መሐመድ እውን ወተሃደር ሱዳን ዝነበረ እዩ:: ግን ን ሙሳ ኣደም ኣቦ መምበር ናይታ ሽማግለ ዝነበረ ምስ ኣሰሩዎ: ኣነ ሱዳናዊ እየ ኤርትራዊ ኣይኾንኩን ኢሉ ኣቅሪቡ: ካብ ማእሰርቲ ኣፋኒዮሞ::

እዚ ሐደ ኣብነት ኣብ ውሽጦም ሕልኽልኽን ዘይምስምማእ የምጽእ ዝነበረ ኢዩ:: እዚ’ ውን ክጠቕሶ ነይሩዎ ወግዓዊ ዝነበረ:: ምኽንያቱም ሙሳ ኣደም ቀንዲ ኤርትራዊ ኢዩ: ብድልየቱ ድማ ኣባል ተ.ሐ.ኤ. ኮይኑስ ከም ኤርትራዊ ድማ ኣቦ መንበር ቅያዳ ሰውርያ ነይሩ:: ግን ብጊዜ ጸገም ክኸውን ከሎ ኤርትራዊ ኣይኾንኩን ክብል ኣይመድለየን:: እዚ ውን ኣብደላ ክጠቕሶ ነይሩዎ: ኣይደለየን::

ገጽ 36

"ንጉባኤ ኣረዳይብ ንኽግበር ተጋዳላይ ኣብደላ ኢድሪስ መሐመድ መራሒ ቀዳመይቲ ሓይሊ - መራሒ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ብምክትልነት /እቲ መራሒ ንኢትዮጵያ ኢዱ ስለዚሃበ: እቲ ምክትል ድማ መሪሕነት ንከሰላ ስለዘጸውዓቶ/ ተጋዳላይ ኣብራሂም ዓሊ መራሒ ካልኣይቲ ሓይሊ ናይ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ኢዮም ዚዓደሙ::" ይብል::

መራሒ ሐሙሻይ ክፍሊ ዝነበረ ኢዱ ዝሰለመ መን እዩ? ክጠቕስ ነይሩዎ ሽሙ:: ንሱ ወልዳይ ካሕሳይ መራሒ 5ይ ክፍሊ ይበሃል:: ንሱ ከሰላ መጺኡ ንመሪሕነት ኣልቅያዳ ለጅነት ስውሪያ ተራኺቡ:: ንሳ ኣብ መንጎ ላዕለዋይ ባይቶን መንጎ ወተሃደራት ሜዳ ዝነበረት ተወሓሕድን ተካይድን ነይራ:: ምስኣም ተራኺቡ ኢሉዎም: ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ብዙሕ ጌጋታት ይፍጠር ኣሎ - እዞም ቀዳማይ ክፍሊ ዝበሓሉ::

ቀዳማይ ክፍሊ ኣብ ባርካ ዝነበረ ሓይሊ ኢዩ:: ካልኣይ ክፍሊ ብ ዑመር ዕዛዝ: 3ይ ክፍሊ ብ ኣብድልከሪም ኣህመድ: 4ይ ክፍሊ መሐመድ ዓሊ ዑማሮ: 5ይ ክፍሊ ድማ ወልዳይ ካሕሳይ ንሱ ዝመርሖ ኣብ ሐማሴን ነይሩ::

ንሱ ንመሪሕነት ጎንጽታት ይካየድ ኣሎ ኢሉዎም:: ምስኣም ማለት ልጅነት ሰውርያ: ኣይተረዳደኤን:: ሽዑ ኢዩ: 1967 ከይዱ ናብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ካርቱም ዝሰለመ:: ኣብቲ ጊዜ ባዕሉ. ንበኣል ሃይለ ድሩዕ ዘለዎ ሃያላት ተጋደልቲ ሰሊሞም ናብ ኢትዮጥያ ከይዶም::ስለዚ እዚ ኩነታት ኣብ ሕልኽልኽ ኔሩ ኣብ ሜዳ ውን:: ኣብቲ ግዜ ኣብደላ ኢድሪስ ተተኪኡ ንግዚኡ:: ንሱ ድማ ዓልዓሊ ተባሕለ የካይድ ነይሩ ነዚ 5ይ ክፍሊ:: እዚ' ውን ኣብደላ ኣይጠቐሶን:: ወልዳይ ስጋብ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ኤርትራ ነይሩ:: ሕጂ ኣበይ ከይዱ ኣይፈልጥን::

ሕቶ: እዞም 5 ክፍልታት ብከመይ ተመርጹ?

ክሽየሙ ከለዉ ፈለማ 1965 ኣብ ከሰላ ኣኼባ ተኻይዱ:: ዑስማን ሳበ መጺኡ ኢድሪስ ገላድዮስ ዘለዎ ምስ መሪሕነት ኣብቲ ጊዜ' ቲ ቀዳማይ ማሕሙድ ዲናይ ከመሓድሮ 2-3 ብመጀመርታ እዞም ተመዚዞም:: ማሕሙድ ዲናይን ዑመር እዛዝን እዚኦም ወተሃደራት ሱዳን ዝነበሩ: ወጺኦም ናብ ሜዳ ተሰሊፎም:: ኣብድለ ከሪም ኣሕመድን መሓመድ ዑማሮን ካብ ሶርያ ተድሪብ ጌሮም ዝኣተዉ ፈለማ ተማህሮ እዮም: ከም በኣል ረመዳን መሓመድ ኑር ዘለዉዎ::

ኣብ ከሰላ ኣኼባ ጌሩሎም:: ንስኹም ኢኹም መሪሕነት ኢሉ ሒዙዎም ናብ ሜዳ ከዱ:: ሳበ ብዙሕ ጊዜ ናብ ሜዳ ይኣቱ ነይሩ: ንኤርትራ ይመላለስ ኔሩ:: ኣብ ውሽጢ ምስ ዝነበሩ ተጋደልቲ ጽቡቕ ይነባበር ኔሩ:: ብዝበዝሕ ምእትታዉን ደሃር ድማ እቲ ገድሊ እሸል ምንባሩ ሳበ ብዙሕ ጽቡቕ ግደ ተጻዊቱ ኢዩ ኣብ ኤርትራ:: ሜዳ ኣትዩ ኣብቲ ጊዜ' ቲ መራሒ ጣሕር ሳልም ነሩ:: እቲ ሃይሊ ድማ ውሑድ ነይሩ ካብ 2-300 ዘይበዝሕ ነይሩ ሃይሊ ጀብሃ:: ሳበ ምስኣተወ ንሜዳ ሽዑ እቲ ሃይሊ ን 4 ተመቒሉ ነቶም መራሕቲ ምስ ምክትላቶም መሪጹዎም::

ንኣብነት ዲናይ ምክትል ናቱ ናይ ፖለቲካ ሙሳ መሓመድ ሃሽም ተባሕለ ተመዚዙ:: ናይ ዑመር እዛዝ ናይ ፖለቲካ ካድር ድማ ማሕሙድ ኢብራሒም ቸኪኒ:: ንኣብደል ከሪም ድማ ተመዘዘ ኣህመድ መሓመድ ኢብራሒም:: ንመሓመድ ዓሊ ዑማሮ ዝተመዘዘ ረመዳን መሓመድ ኑር ኢዩ::

ናብ ዲናይ መጀመርያ ተመዘዘ ሙሳ መሓመድ ሓሽም እዩ ምክትሉ:: ብ 1965

እዩ:: ገላድዮስ ንሱ ናይ ሜዳ መካየዲ ሰውራ ሃላፊ ኔሩ:: ኣብ ሱዳን ከይዱ ይቕመድ ኔሩ ግን ንሜዳ ብዙሕ ይኣቱ ኣይነበረን:: ኣብዚ ገላድዮስ ን 5ይ ክፍሊ ክንምዝዝ ኣሎና ዝብል ሃሳብ ኣቕሪቡ ኣብ ኣቦ መንበር ላእለዋይ ባይቶ ንኢድሪስ መሓመድ ኣደም:: ካብኡ ከይዱ ንወልዳይ ካሕሳይ መዚዙ ናይ ፖለቲካ ሃላፊ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ተመዚዙ:: ድሃር ወልዳይ ዝሰለመሉ ጊዜ ኢሳያስ ኣብ ቻይና ነይሩ ንትምህርቲ::

ኣብዚ ክጥቐስ ዘለዎ ድማ ብሓደ ወገን እቲ ኩነታት ሃይሊ ወተሃደር እንዳ ወሰኸን: መሳርያ ካብ ወጻኢ በብቁሩብ እንዳ በዝሔ ከደ:: ኣብ ውሽጢ ኩናት እንዳተካየደ ካብ ጸላኢ ብረት ምምንዛእ እንዳገፍሔ ከደ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ:: ነፍስ ወከፍ ክፍሊ ውን እንዳ ወሰኸ ከደ ብቁጽሪ ወላ ከማን ኣባላት ናይ ጀብሃ::

### ሕቶ: ካብዞም ሰባት ትፈልጦም ነይሮም?

እወ: ማሕሙድ ዲናይ ይፈልጦ: ከምኡ’ ውንሙሳ ሓሽም:: ዑመር ሃምድ ዕዛዝ ግን ብቀረባ ኣይፈልጦን:: ማሕሙድ ኢብራሒም መሓመድ ሰዒድ ኣጸቢቐ ይፈልጦ ነይረ: ቀደም ተሰዊዑ:: ኣብደል ከሪም ኣህመድ ስውዕ ናይ 4ይ ክፍሊ ኣጸቢቐ ይፈልጦ ነይረ: ማሕሙድ ኣህመድ ኢብራሒም ምስኡ ብዙሕ ተመያየጥኩዎ የብለይን ግን ከም ተራ ተጋዳላይ ይፈልጦ:: ዑማሮ: ሮማዳን ኣብ ካይሮ ብቀረባ ይፈልጦም: ከማን ኣብ ሜዳ ንራኸብ ኔርና::

### ሕቶ: ቅድሚ 1965 ቅድሚ ምምስራት ክፍልታት ብምንታይ ይመሐደሩ ነበሩ?

እቲ ሃይሊ ከም ግሩፕ ክጅምር ከሎ ሓምድ ኢድሪስ ዓወተ ምስ 13 ከለዉ ዝወጽኡ እዮም:: ዓወተ ውን ካብ ዝወጽአ ዓመት ከይገበረ ተሰዊዑ ኣብ ገድሊ:: ንሱ ምስተሰወኤ መሓመድ ኢድሪስ ሐጅ እተባህለ ምስኦም ኣብቲ ሃይሊ ዝነበረ ነቲ ሃይሊ ክመርሖ ጀመረ:: እዚ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ኩነታት እዩ:: ድሕሪኡ ኣቡ ጥያራ ተመዚዙ ንቁሩብ ግዜ:: ድሕሪኡ ’ ድማ ጣሕር ሳልም ተመዚዙ: ደሐር እቲ ሃይሊ ክመቓቐሉቆ ጀሚሮም:: ሸዑ ድማ መዓስከር ኣብ ሓደ ቦታ ኣይነበሮምን: ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይሓድሩ: ንጽባሒቱ ናብ ካልእ ቦታ ይኸዱ ነዩ ናብርኦም:: ኣብ ውሽጢ ከተማታት ድማ ነይሮም ወሃዮታት ዘካይዱ::

ሕጂ ኣብ ሱዳን ነይራ ሓንቲ ሽማግለ ተወሃህድ ኣብ መንጎ ላእለዋይ ባይቶን እቲ ሰውራን:: እታ ሽማግለ ትመርሐ ድማ ብ ሓደ ስለይማን ገላድዮስ ኣባል: ትምስረት ከላ መጀመርያ ኣብ ከሰላ ተመዚዙ:: ዑስማን ሸንገባይ ጣሕር ሳልም ይመጸም ነይሩ ምኽንያቱም ኣብ ውሽጢ በኣል ኢድሪስ ሓጅ ነይሮም::

ሱለይማን ገላድዮስ ኣብኡ 2 ዓመት ጥራሕ እዩ ጌሩ ምኽንያቱም ኢድሪስ ገላድዮስ ኣብ ግብጺ ተእሲሩ:: በዚ ምኽንያት ከኣ ሓዲጉዎ ናይ ሃዉ ኩነታት ይከታተል ኔሩ:: ብካልኦት ሰባት ተሰይማ: ኣሽማቶም ኣብዚ ተጠቒሱ ኣሎ::

### ሕቶ: እንታይ ምኽንያት እዩ ኢድሪስ ገላድዮስ መእሰሪኡ ኣብ ካይሮ?

እቲ መእሰሪኡ: ሓደ ዓሊ ኣፈንዲ ተባህለ ኤርትራዊ ኣብ ግብጺ ብስለያ ናይ እስራኤል ተባሂሉ ተኣሲሩ:: ሕጂ ንዓሊ ኣፈንዲ ካብ ኤርትራ ብጽሑፍ ጌሮም ስለያ ናይ እስራኤል ኣንጻር ግብጺ ክስልየሎም ሰደዱዎ:: ግብጺ ምስመጸ ምስ ሐሰን ገላድዮስ ተባሕለ ሃው ኢድሪስ ገላድዮስ: ኣብ ኤርትራ ብሓደ ይመሃሩ ስለዝነበሩ ይፈልጠሞ ይራኸቡ::

ምስኡን ምስ ሓደ መሐመድ ሰዒድ በሺር ተባህለ ይራኸብ:: ብኦኦም ኣቢሉ ድማ ምስ ኢድሪስ ገላድዮስ ይራኸብ:: ካብኡ ከይዱ ንኣቶ ወልደ ኣብ ወልደ ማርያም ደብዳቤ ይህቦ ካብ ኔው ተጻሒፉሉ::

ኣብቲ ደብዳቤ ይብል: "እዚ ሰብ ይመጻካ ዘሎ ዝገበርካ ጌርካ ስራሕ ከብትሕዞ ግበር":: ኣቶ ወልደ ኣብ ኣብቲ ግዜ' ቲ ኣብ ሓንቲ ናይ ጥልያን ኩባንያ ይሰርሕ ነይሩ ኣብ ካይሮ:: "ኣብቲ ትሰርሓሉ ኩባንያ ርኸበሉ ስራሕ: ጥልያን ድማ ይፈልጥ እዩ": ትብል ብእሱ ዝፈልጦም ሰባት ጌሮም እቶም ናይ ስለያ እስራኤል:: እታ ደብዳቤ ኣፈንዲ ንወልደ ኣብ ይህቦ: ተቐቢሉ ድማ ወልደ ኣብ ሕራይ ክሃተልካ እየ ይብሎ::

እዚ ሰብ ክሰርሕ ዘይኮነስ ከም መመኽነይቲ ክጥቀመሉ እምበር ኣንጻር ግብጺ ስለያ እዩ ተላኢኹ:: ኣብኡ ከማን ክኢሉ ወሃዮ ክገብር:: ግብጺ ድማ ይሕዝዎ: ይኣስሩዎ:: ንሱ ይረኽቦም ዝነበሩ ሰባት ድማ ተኣሲሮም: ወላ ኣቶ ወልደ ኣብ: ኢድሪስ ገላድዮስ: መሓመድ ሰዒድ በሺር: ኩሎም ተኣሲሮም::

ኣመርሚሮም ድማ ግብጺ ንኩሎም ፈኒዮም ብዘይካ ኢድሪስ ገላድዮስ:: ዘይምፍናዉ ምኽንያት ድማ ዓሊ ኣፈንዲ መጺኡ ኢሉ " ኣነ እዛቶም ሰባት እዚኣቶም ምሳይ ዝገበሩዎ ነገር የለን:: ካብኣቶም ዝረኸብኩዎ ሓበሬታ ኣንጻር ግብጺ የልቦን: እዞም ሰባት ንጹሓት እዮም" ኢሉ መስኪሩሎም:: ኣቶ ወልደ ኣብ ምስ ግብጺ ብርቱዕ ርክብ ነይሩዎ:: ከም መጠን ስደተኛ' ውን ብጽቡቕ ተከቢሎሞ:: ቅድሚኡ ድማ ኣብ ራድዮ ብትግርኛ ይዛረብ: ብሓደ ወገን ቓንቓ ትግርኛ የምህር ነይሩ ንስለያ ዝመሃሩ ደቂ ግብጺ::

ንኡኡ ሃቲቶሞ ብዘኣባ ኢድሪስ ገላድዮስ: ኢድሪስ ሽዑ ግዜ ተማሃራይ ነይሩ: ኣይጠረሸን:: ኣብቲ እጹው ቤት ትምህርቲ (ቦርዲንግ ስኩል) ወረቃቅቲ ናይ ኮሚኒስቲ ረኺቦሉ:: ኣብቲ ጌዜ ድማ ብዙሕ ኣንጻርነት ናብ ኮሚኒስቲ ይስራሕ ኔሩ ኣብ ግብጺ:: ኢሉ ኣቶ ወልደ ኣብ " ኢድሪስ ኣነ ብስለያ እስራኤል ዝስልይ ኣይመስለኒን: ኣላምኡ ግን ኮሚኒስት እዩ: ኣብ ፓርቲ ይህልው ኣይፈልጥን":: በዚ መርመራ ስጋብ ዘካይዱ ንክልተ ዓመት ዝኸውን ተኣሲሩ: ካብኡ ፈኒዮሞ::

ገጽ 60 መጽሃፍ
ራብዓይ መድረኽ
ጉባኤ ነቲ ብመሪሕነት ዑስማን ሳልህ ሳበን ኣርባዕተ ኣባላት ጠቕላሊት መሪሕነት ዚተገብረ ናይ ምፍንጫል ተግባራት ኮኒኑዎ:: ነታ ሓዳስ መሪሕነት' ውን ነቶም ተታሊሎም ዘለዉ ተጋደልቲ ብመሰረት መደብ-ዕዮን ውሳኔታትን ጉባኤ ንኽተዕግቦም ክትጽዕር ተላበዋ:: ብዛዕባ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከኣ ጉባኤኛታት ምስኡ ምርኻብን ምምይያጥን ዚሓሸ ምኻኑ ረኣዩ:: ነዚ ጉዳይ 'ዚ ተባሂሉ ካብ ገለ ገለ ተጋደልትን ህዝብን ናይ ርክብ ሽማግለ ቆመት::ንሱ ግን ኣብ 'ቲ ተፈንጫሊ መርገጹ ጸንዐ:: ኣብ መወዳእታ 'ውን ኣብ ህ.ሓ.ሓ. ተሓወሰ::
4. ጉባኤ ሰውራዊ ባይቶ ኢሉ ዚጸውዓ ሓጋጊት መሪሕነት መረጸ:: በዞም ዚስዕቡ ተጋደልቲ 'ውን ትቐውም::
1. እድሪስ መ/ ኣደም-- ኣቦ ወንበር ሰውራዊ ባይቶ
2. ሕሩይ ተድላ ባይሩ -- ቀዳማይ ም/ ኣቦ ወንበር ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳይ
3. ዓብደላ እድሪስ መሓመድ -- ካልኣይ ም/ ኣቦ ወንበር ሓላፊ ወተሃደራዊ ጉዳይ
4. ሳልሕ ኣሕመድ እያይ -- ሓላፊ ናይ ወጻኢ ዝምድና
5. ማ/እስማዒል ዓብዱ -- ሓላፊ ምውህሃድ
6. ኣብራሂም መሓመድ ዓሊ -- ኣባል
7. መሓመድ ዑስማን እዛዝ -- ኣባል
8. ኣሕመድ ኣብራሂም ናፍዕ "ሓሊብ ሰተ" -- ኣባል
9. መሓመድ ብርሃን ዓብደልርሕማን -- ኣባል
10. ኣሕመድ መሓመድ ናስር -- ኣባል

11. ተስፋይ ተኽለ -- ኣባል
12. መሓመድ ሳልሕ ሕመድ -- ኣባል
13. ዓሊ ዑስማን ህንጢ -- ኣቦ ወንበር ጠ. ማ. ሰ. ኤ.
14. ኣምና መሓመድ ዓሊ መለኪን -- ኣደ ወንበር ጠ. ማ. ደ. ኣ. ኤ.
15. ሸሐም ኣብራሂም ሸሐም -- "ንሰውራ ከዲዑ ንጸላኢ ኢትዮያ ኢዱ ሂቡ::"

ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ 1971: ሰውራዊ ባይቶ ተመሪጹ 15 ሰባት ይጠቕስ: ፈጻሚት ሽማግለ 19 ኣባላት ዘለዋ ይብል:: ጌጋ ዘሎ ኣብዚ: ሳእለዋይ ሰውራዊ ባይቶ 13 ኣባላት መሪጹ እተን 2 ግን ቦታ ተታሒዙ እምበር ኣይተመረጹን. ማለት ንማህበር ደቅንስትዮ ኣባል ምስኮነት: ኣቦ መንበር ሰራሕተኛ ኣባል ክኸውን እምበር ኣብቲ ጉባኤ ኣይተመርጹን::

ቦታ ንማህበር ደቅንስትዮ ኣደ መንበር ማህበር ደቀንስትዮ ኣባል ንክትኸውን. ከምኡ ድማ ኣቦ መንበር ናይ ማህበር ሰራሀተኛ ኣባል ክኸውን ተባሂሉ:: ሕጂ ንሱ ኣብዚ እንታይ ይጠቅስ: ኣምና መሓመድ ዓሊ መለኪን ኔራ: ግን ኣብኡ ኣይተመርጸትን: ወላ ከማን ኣብቲ ጊዜ' ቲ ማሕበር ደቅንስትዮ ኣይተመስረተን ነይሩ:: ድሕሪኡ ኣብ 1974 እዩ ማህበር ደቅንስትዮ ተመስረተ:: ዓሊ ዑስማን ሕንጢ ማሕበር ሰራሀተኛ ተመሪጹ ይብል:: ግን ሽዑ ኣይተመርጸን: ማሕበር ሰራሀተኛ ውን ኣይተመስረተን: ኣብ 1973 ተመስሪቱ::

እቲ ሽዑ 13 ሰባት እዮም ተመሪጾም ኣብ መሪሕነት ሰውራዊ ባይቶ:: ፈጻሚት ሽማግለ ድማ በይኖም 19 ሰባት ተመሪጾም:: ሓደ ካብኣቶም ኣነ ነይረ:: ኣብ ኣር ተባህለ ቦታ ኣብ ሳሕል እዩ::

ዓር ኣኼባ ቀዳማይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ተገበረሉ ቦታ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣብ ሳህል እዩ:: ኣር ዝርከቦ ካብ ስዋኪን ህልፍ ዝበለ መራፌት ትበሃል ቦታ ኣላ ኣብ መሬት ሱዳን:: ካብኡ ብእግሪ ዳርጋ 2 መዓልቲ ዘኸይድ እዩ:: ተቐመጥቲ እቲ ቦታ በዳዊት - ሓደንደዋ ዝፈልጡ እዮም::

ነቲ ቦታ ዝመረጸ ሓደ ዓብድራሕማን ዑስማን (ሸባኽ) ተባህለ ካብቶም ቀዳሞት ኣባል ጀብሓ እዩ: ክልተና ኣባል ናይ ኣሳናዳኢት ሽማግለ ነይርና:: ንሱ ቃንቃ በዳዊት ይፈልጥ ነበረ:: ዓር ጽቡቕ እስትራተጃዊ ቦታ ኮይኑ ጽቡቕ ናይ ማይን ኣግራብ ዘለዎ እዩ:: ኣነ ኣብ ፖርት ሱዳን ነይረ: ኣጋይሽ ዝመጹ ንቅበሎም: ስንቂ ጉባኤ ውን ኣካይደ ሰዲዴ:: እቲ ቦታ' ውን ብጸጥታ ምችው ኮይኑ ሓላፊ ድማ ማሕሙድ ሓሰብ ነይሩ::

ኣመራርጻ 19 ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ

እዞም 19 ኣባላት ተጋደልቲ ኣብ ሜዳ ዝነበሩ እዮም:: ገለና ድማ ሃደሽቲ ትምህርትና ወዲእና ዝመጻና ኢና: ንኣብነት ኣነ: መሓመድ ኑር ኣህመድ: ህሩይ ተድላ ኔርና:: ካልኦት ኣብ ሱዳን ኣብ ጀብሓ ይሰርሑ ነበሩ እዮም: ከም ኢብራሒም ቶቲል ኣባል ጀብሓ ኣብ መደኒ ነይሩ: ኢብራሒም መሓመድ ዓሊ ድማ ኣብ ፖርት ሱዳን::

ግን ከም በዓል ማሕሙድ ሓሰብ: ማሕሙድ ኢብራሒም ቺኪኒ: ኢብራሒም ዓብደላ: ኢብራሒም ዓሊ ኖር: እዚኣቶም ብረት ዘልኣሉ ተጋደልቲ እዮም:: ኣብ ጉባኤ 1971 ኣብ መሪሕነት ዝዓተዉ እዮም:: ካብ ወጻኢ ዩኒሴፍ ትምህርቱ ወዲኡ ዝመጸና ስውዕ ፍጹም ገብረ ስለሴ ነይሩ::

ኣብ 1973 ማሕበር ሰራሀተኛ: ኣብ 1974 ድማ ማሕበር ደቅንስትዮ ተመስሪቶም::

ኣምና መለኪን ቅድም ኣብ 1971 ትምህርታ ወዲኣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ጀብሓ ኢራቕ ትሰርሕ ነይራ: ካብኡ ንገባኤ መጺኣ:: ዛሕራ ጃብር ገና ተማሃሪት ነይራ ኣብ ኣልጀርያ:: ድሕር ጉባኤ ኣምና ትጽዕር ነይራ ማሕበር ደቅንስትዮ ንምምስራት: ከምኡ' ውን ዛሕራ:: ኣብ ሜዳ ደቅንስትዮ ነይረን: ጊዜ ስለዝሃለፈ ኣሽማት ረሲዔ: ሓንቲ ገንት ትበሃል ትዝከረኒ:: ኣኼባ ይገብራ ነይረን ከመይ ገይረን ማሕበር ከምዝምስርታ::

ናብ ዓር ጉባኤ ንምስታፍ ካብ ወጻኢ ዝመጸ ኣብ ፖርት ሱዳን ተኣኻኺቡ ኣትዩ: ብኡኡ ስለዝቐርብ መንገዲ:: ኣባላት ካብ ተጋደልትን ህዝብን ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ: ኣከለ ጉዛይን ሰራየ ዘለዉ ከይተረፉ ብሜዳ ኣቢሎም ናብ ዓር መጹ::

ብዝሒ ተካፈልቲ ጉባኤ 600 ኣባላት ኣቢሎም ነይሮም: እዚ ብዘይካ ሃልዋ ጉባኤ ዝነበረ: ሃለዋ ብዝሓም ክንድ ኣኼበኛ ነይሩ: ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ፈሊጣ ነይራ ጉባኤ ከምዝግበር እሞ ኣዋፊራ ነይራ ብዙሕ ሃይሊ ናብ ባርካ ወገን:: ወላ ነፈርቲ ደብዲበን:: ጸላኢ እቲ ቦታ ፈሊጡ ከይመጽእ ብምባል ሃለዋ ኣብ ባርካን ኣንሰባን ሒዙ ነይሩ::

ጉባኤ ዳርጋ 25 መዓልቲ ወሲዱ ምኽንያቱም ፈለማይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ኮይኑን ብዙሕ ሃሳባት ይወርድ ነይሩ: ፖለቲካ ትሕንጽጽ ውሽጣዊ ህጊ ትምስርት: ናይ ቅድሚ 1971 ዝተገብረ ጌጋታት ከመይ ጌራ ትገድፎ: ኩሉ 25 መዓልቲ ወሲዱ:: ቅድሚ ሽዑ መደባት ነይሩ እንተዝነብር: ብቀሊሉ ተመያይጥካ ምኸደ:: ደሐር ድማ ብኩሉ ቓንቓታት ይትርጎም ነይሩ: ከም ትግርኛ: ዓረብ: ትግረ: ሀደንደዋ: ሳሆ: ብሌን:: ንኣብነት ሓደ ሰብ ክዛረብ ከሎ ብ 5-6 ቓንቓታት ይትርጎም እሞ ጊዜ ይወስድ::

ሕቶ: ንኹሉ 600 ሰብ እኹል ቦታ ነይሩ? መለለይ ሐቀኛ ኣባል ምኻኑ ከመይ ይፍለጥ?

ገዛ ኣይነበረን: ዓቢ ዳስ ተተኺሉ ብእንጨይቲ: ጽዑቕ ኣግራብ ስለዝነበረ ካብኡ ቆሪጽና ተጠቒምና:: ኣብ መንጎ እምባታት ምቹእ ቦታ ስለዝነበረ ሐደ ክዋ ነፋሪት ጸላኢ ኣይተቀልቀለን::

ተሳታፊታት ብዝምልከት ድማ: ነፍስ ወከፍ ኣብ ቦትኡ ተመሪጹ እዩ:: ተጋደልቲ ካብቲ ሃይሊ ናቶም ተመርጹ: ካብ ህዝቢ ድማ ካብ ጨንፈሮም ተመሪጾም: ብጽሑፍ ሒዞም ይመጽኡ:: ኣለዉ ድማ መዛግብ ሒዞም ዘጻርዩ ሰብ ካበየናይ ከምዝመጸ: ምኽንያቱም ኣሰናዳኢት ሽማግለ ቅድሚ' ቲ ጉባኤ ኣብ በቦትኡ ከይዳ ምርጫ ኣካይዳ እያ::

ኣነ ንኣብነት ኢጋይሽ ሒዜ ካብ ፖርት ሱዳን ከይመጻእኩ ከለኹ ኣብ ጋሽ ባርካ ምርጫ ተካይዱ: ምሳይ ከማን ተሃጋገዝቲ ነይሮም:: ሕጂ ኣብ ዝኾነ ኣሃዱ ሓይልታት መጺእና ምርጫ ነካይድ ኔርና ቅድሚ 4 ኣዋርሕ ኣቢሉ:: ኣብ ሐደ ቁሸት ከይድና ሽማግለ ናቶም ርኢና: ብዝሒ ናቶም ተመዝገበ እዩ:: ኣብኡ ከለዉ ብምስጢር መን ኣባላት እዮም ዝኸዱ ምሳና መዝገብ ንሕዝ: ንሶም ውን ይፈልጡ:: ኣብታ ንብለኩም መዓልቲ ትመጽኡ ኢልና ንኸይድ:: ስጋብ ደንከልያ ዝኸዱ ብጾት ነይሮም የካይዱ: ወላ ኣብ ውሽጢ ከተማታት ኤርትራ ከም ኣስመራ: ከረን: ወዘተ: በተን ናይ ውሽጢ ከተማታት ጸትጣ ይምዝገቡ ነይሮም:: ደሐር ኣብ ጉባኤ ምስመጹ በቲ መዝገብ ይጻረዩ::

መደቀሲ ኣብ ተራ ምድሪ ትድቅስ: ዓራት የለን:: ቅያር ክዳን ንሰሙን ዝኣክል ምስገበሮ ደሐር ይሕጸብ ይሐጽብ: ኩነታት ጸገም ነይሩ መዓስከር ኣይነበረናን:: ወላ ንደቅንስትዮ: ንሰን ውሑዳት ነይረን ሽዑ: መብዛሕትèን ናይ ከተማታት ወሃዮ ዝነበራ እየን:: ውሑዳት ኣብ ሜዳ ዝነበራ ከም ነርስ ትምሕርቲ ወሲደን ኣብ መደብር ሕክምና

ይሰርሐ ነይረን:: ንኣ ብነት ስትና ሰዒድ: ምልእተ - ጀርመን ዘላ: ሰዕድያ ተስፉ - ሰዑድያ ኣላ: ነስሪት ከራር - ሕጂ ከረን ዘላ::

ካብ 1975 እየን ደቅንስትዮ ኣብ ኩናት ክሳተፋ ዝጀመራ: ካብ 1973 ብዙሓት ከመጻና ጀሚረን ግን ዕድል ኣይወሓባን ነይረን ኣብ ገለ ቦታታት:: ገድሊ ጽንኩር ነይሩ: መዓስከራት ወላ መደብራት ስለዘይነበረና:: ኣብ 1975 ብዙሓት ምስኮና ኣብ ኩሉ ክፍልታት' ውን ተወዚኤን ከም ዜና: ፊናንስ: ብረት: ኣጋር ሃይሊ ወዘተ::

**ሕቶ: ጉባኤ ኣብ ቀትሪ ተሳቲፍኩም ውዒልኩም: ምሸት እንታይ ትገብሩ ኔርኩም?**

ወላ ምሸት ውንኣኼባ ንቅጽል ኔርና: ን 25 መዓልቲ ተካይዱ:: ንግሆ ምስቆረስና ካብኡ ኣኼባ ይካየድ: ድሕሪ 3 ሰዓት እረፍቲ ይግበር: ምኽንያቱም ምግቢ ባዕልና ስለ ንገብር መጋቢ ስለዘይነበረ:: ከም ግሩፕ ተዋሓቢካ ቅጫ ንስንክት: ድሕሪ ምምሳሕ ን 3 ሰዓት ኣኼባ ኮፍ ንብል: ኣብ መዓልቲ ዳርጋ 9 ሰዓት ኣኼባ ይካየድ: ድሕሪኡ ዕላል ዘሎ ገይርና ንጽባሒቱ መደብ ነውጽእ: ምስዞም ዘይዓገቡ ድማ ንመያየጥ: እዚታት ነይሩ::

ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ስለዝነበረ ብዙሕ ሓሩር ኣይነበረን: ሳህል ኣብቲ ግዜ' ቲ ሃውሲ ዝሑል እዩ: ማይ ድማ ኣይሐርምን:: ኮቦርታ የለን ነጸላኻ ተኸዲንካ ትድቅስ ብዘለካ:: ፎቶግራፍ ብዙሕ ይውሰድ ነይሩ: ኣብ መዝገብ ጀብሃ ነይሩ: ገሊኡ ስዕሊ ጠፊኡ ገሊኡ ድማ ስጋዕ ሕጂ ይሕልው::

Part 2 of 3

* * *